# እንቋዕ ናብ ፍሪቦርግ[Fribourg] ብደሓን መጻእኩም

## ቀዳም 11 ጥቅምቲ 2025

## ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ፍሪቦርግ ንዕለት 11 ጥቅምቲ 2025 ናብታ ከተማ ክቕበለኩም ብሃንቀውታ ይጽበ።

ዝኸበርኩም ሓደስቲ ነበርቲ

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ከተማ ፍሪቦርግ ካብ ዝመጹ ሓደስቲ ኢኹም፡ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ድማ ኣዝዩ ምዉቕ ኣቀባብላ ክገብረልኩም ይፈቱ። ነዚ ንምትግባር ኣብ ፍሉይ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደብ ክትጽንበሩና ብኽብሪ ንዕድም፣ እዚ መደብ እዚ **ንቀዳም 11 ጥቅምቲ 2025** ካብ **ሰዓት 10.15 ንግሆ ጀሚሩ ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረሰብ Salle communale Saint-Léonard** ክካየድ እዩ።

እዚ መደብ ንኹሉ ክፉት ኮይኑ ምስታፍ ብነጻ እዩ። ይኹን እምበር፡ ክትሳተፉ ምስ እትደልዩ፡ ኣቐዲምና ንኽንዳሎ፡ ክትምዝገቡ ከድልየኩም እዩ። ተሳታፍነትኩም ንምርግጋጽ ክሳብ ዕለት 22 መስከረም 2025 ነቲ ንሰደልኩም ዘለና ናይ ምዝገባ ቕጥዒ መሊእኩም ምለሱልና።

MEMO ዝተባህለ ናይታ ከተማ ብክልተ ቛንቛታት ዝካየድ ቤተ መጽሓፍትን ጸወታታትን፡ ፍሉይ ንህጻናት ኣብ ዝኸውን ቦታ መጽሓፍትን ጸወታታትን ምሉእ ንግሆ ክቐርብ እዩ። Salle communale Saint-Léonard ድሩት ምንቅስቓስ ንዘለዎም ሰባት ውን ተበጻሒ እዩ። ዝኾነ ፍሉይ ጠለባት ምስ ዝህልወኩም ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን **+41 (0)26 351 76 36** ብምድዋል ወይ ድማ ብኢመይል **bienvenue@ville-fr.ch** ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብኡ ክንራኸብ ብሃንቀውታ ንጽበ።

ምስ ምዉቕ ሰላምታ፣

ብስም ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ፍሪቦርግ
Thierry Steiert (ከንቲባ)
David Stulz (ጸሓፊ ከተማ)

## መደብ

ካብ ሰዓት 10.15 ንግሆ፤ እንኳዕ ብሰላም መጻእኹም

Salle communale Saint-Léonard, **Chemin Saint-Léonard 1, 1700 Fribourg**, ስዊዘርላንድ [Switzerland] ናብኡ ንምብጻሕ፥ ብናይ TPF መስመር ኣውቶቡስ ቁጽሪ 1 ናብ መዕረፊ Poya ወይ Stade-Patinoire፣ ወይ ድማ ብባቡር BLS S1 ናብ ፍሪቦርግ-ፖያ

ሰዓት 10.30 ንግሆ፤ ወግዓዊ ክፋል ናይቲ መደብ

• እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብThierry Steiert [ቲየሪ ሽታየርት] (ከንቲባ)ን ቤት ምኽሪ ምምሕዳርን
• ብናይቲ ከባቢ ስነጥበባውያን ዝቐርብ መዘናግዒ
• ንኣገልግሎት ከተማን ምምሕዳርን ዝምልከት ኣቀራርባ መግለጺ
• ብናይ ምምሕዳር ኣገልግሎታትን ናይ ሓደሩ ናይ ሓበሬታ ጣውላን ናይ ሕቶን መልስን ክፍለ ግዜን

11.30 ንግሆ፤ መስተ / ዕድል ምብጻሕ ናይ ሓበሬታ ጣውላ ብዛዕባ ኣገልግሎት ምምሕዳር

12.30 ድሕሪ ቀትሪ፤ ምዝዛም ናይ ንግሆ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደብ

12.30 – 15.00 ድ.ቀ.፥ ብኣሰነይቲ ዑደት ከተማ ብእግሪ (ምዝገባ የድሊ)

# ቅጥዒ ምዝገባ

**ቀዳማይ ስምን ናይ ስድራ ስምን**
**ኣድራሻ**
**ቁጽሪ ተሌፎን**
**ናይ ኢመይል ኣድራሻ**

**ብኢንተርነት ምዝገባ**

**ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደብ (10.30 ንግሆ – 12.30 ድ.ቀ)**

ኣብቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መደብ ክሳተፍ ደስ ይብለኒ።

ብዝሒ ሰባት፥ ...................ዓበይቲ................................ቆልዑ

እቲ መደብ ብቋንቋ ፈረንሳ ክካየድ እዩ፡ ብዝተኻእለ መጠን ግን ትርጉም ክቐርብ እዩ። ብሓንሳብ ተርጓሚ እንተደሊኹም ኣየናይ ውህደት ቋንቋ ከም እትደልዩ ኣመልክቱ፤ ...................

ብኣሰነይቲ **ዑደት ከተማ (12.30 – 15.00 ድ.ቀ.)**

ኣብቲ (ነጻ) ብኣሰነይቲ ዝካየድ ዑደት ከተማ ክሳተፍ እደሊ።

ብዝሒ ሰባት፥

ንዑደት ዝድለ ቋንቋ፥ **ፈረንሳ፡ ጀርመንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ጣልያንኛ፡ ስጳኛ፡ ፖላንድኛ፡ ካልእ፤** _______________

ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ምስ ዝህልወኩም: ምእንቲ ክንሕግዘኩምን ምድላዋት ክንገብርን ንዓና ርኸቡና ።

**ቦታን ዕለትን**
**ክታም**

**ክሳብ ሶኒ 22 መስከረም 2025 ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።** ተመዝጊብኩም ክትሳተፉ እንተዘይክኢልኩም ክትሕብሩና ብትሕትና ንሓትት።

**ኣድራሻ፥** Ville de Fribourg, Bienvenue, Place de l'Hôtel-de-Ville 3, 1700 Fribourg, Switzerland

**ኣድራሻ ኢመይል፥** bienvenue@ville-fr.ch

**ኣብ ኢንተርነት ተመዝገቡ ኣብ** www.ville-fribourg.ch/manifestation-bienvenue ወይ ነቲ ናይ **QR ኮድ ስከን ብምግባር**